ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተስተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ

ዕድመና እኽክቢርኩም ብብዝሒ ምክፋልኩም ከየመስገንና ኣይንሓልፍን።

ሎሚ ንሕና ጸረ'ቲ ዝጠሓስ ዘሎ ሰብኣዊ መሰላትን፡ ኣብ ቤት ማእሰርትታ ዝዘውትር ዘሎ ኣሰቃቒ ኣገባብን እና ተቓወምና ንምህናጽ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ብምኽንና፡ ሰላማዊ ሰልፊ ብምዝውታር ድልየትና ንምግላጽ እዩ። ብንጹር እቲ ናይ ጸቕጢ ተግባራት ጨካን ኢሳያስ ኣፈወርቅን፡ ንሱ ዝጥቀመላ ሰልፊ ህግደፍ፡ ኣብ ኤርትራ መወዳእታ ኪህልዎም እዩ'ቲ ድልየትና።

ኣብ'ዘን 27 ዓመታት እዚኣተን፡ ኤርትራ ካብ ሓንቲ ነጻ ሃገር ምኳንን ምምዕባልን ናብ ሓንቲ ግፍዕን ጭቆናን ጽቕጠትን ቅንጻላን ዝዘውተረላ ቤት ማእሰርቲ ኣህዝባ ተቐይራ ትርከብ ኣላ። መገሻ ካብ ዓበይቲ ከተማታት ዳርጋ ክሳብ 10 ኪሎ መተራት ብዝርከብ ከላታት (ብሎኮታት) ተደሪቱ ይርከብ። መንገድታት ብናይ ጸጥታ ወተሃደራት እቲ ጭፍራ ብልዑል ኣገባብ ይሕሎ። ሓደ ፍሉይ ፍቓድ ናይ መንቀሳቐሲ (ንበሎ ውሽጣዊ ቪዛ) ዘይብሉ ካብ ሓደ ቦታ ናብ'ቲ ካልእ ኪንቀሳቐስ ኣይፍቀድን። ንወጻኢ'ሞ ከኣ ብዘይካ ፍሉያት ሰባት እንተ ዘይኰይኑ፡ ንዥላቶም ካልኦት ካብ ወተሃደራዊ ዕስክርና ንኸየምልጡ ምእንቲ፡ ኣብ መንጎ 16 ካሳዕ 47 ዝዕድመኣን ደቀንስትዮ ይኹና ደቂ ተባዕትዮ ፈጺሙ ክልኩል እዩ።

ኣብ ኤርትራ ብነጻ ርእይቶ ምግላጽ ክልኩል እዩ። ብ1994 እቲ ሽዑ ናይ ጊዝያዊ መንግስቲ ሓለቓ ዝነበረ ኣቶ ኢሳያስ ድሕሪ ሕጂ ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይክንፈቅድን ኢና እዩ ዝበለ። ብ2001 ድማ ናይ ሓሳባት ምግላጽ ነጻነት መሊሱ ብጽኑዕ ከም ዝጽቐጥን ንኣመራርሓ ሃገር ዝዘውተር ነቐፌታ ከም ዝኽልከልን እዩ ዝተገበረ። ነጻ ጋዜጠኝነትን፡ ዘተፈቕደን እምነታዊ ጉጅለታትን፡ ካልእ በርጌሳዊ ተግባራት ዘካይዳ ማሕበራትን ብጽኑዕ ከም ዝግታእ ኰነ። ንመንግስቲ ዝነቐፈ ዘበለ ንህይወቱ ምሉእ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዘሕልፍ ይኽውን።

ከምዚ'ሉ ድማ ኤርትራ ናብ ሓንቲ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ተቐየረት። ብዘይካ'ቶም ካብ ጊዜ ገድሊ ኣትሒዞም ብሰንኪ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦም ኣብ ስዉር አብያተ ማእሰርቲ ተመቕሖም ነዊሕ ዝጸንሑ፡ ብ18 መስከረም 2001 እቶም ጂ 15 ዝበሃሉ ላዕለዎት መራሕትን፡ 30 ዝኾኑ ኣካይድቲ እተን ተፈቒዱለን ዝነበራ ማዕከናት ጋዜጣን ካብኣቶም ሽወደናዊ ዳዊት ኢሳቕ ተኣስሩ።

ልዕሊ 20 ሽሕ ዝኾኑ ሰባት ብሰንኪ ፖለቲካዊ ርእይትኦም ተኣሲሮም ኣለዉ። ብዙሓት ካልኦት ድማ ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነታቶም ሓደ ካብኣታቶም ክቡር ኣቡነ ኣንጦንዮስ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራን ከልኦትን ተኣሲሮም ኪርከቡ እንከለዉ ዥላቶም ድማ ብዘይሕጋዊ ክስን ፍርዳዊ ውዕሎን ክሳዕ ሎሚ ተታሒዞም ይርከቡ።

ንሓፋሽ ህዝቢ ብዝግባእ ዘገልግላ ዝነበራ ኣብያት ትምህርትን ሕክምናታትን ናይ'ተን „ፍቓድ“ ዘለወን  ሃይሞኖታውያን ማሕበራት ብቐጥታ ከም ዝዕጸዋ እዩ ዝተገብረ። ቅድሚ ቑሩብ ጊዜ'ኳ ኣቡናት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ ዘቕረብዎ ቅሉዕ መልእኽቲ፡ ነቲ ጭፍራ ህግደፍ ኣብ ሃገር ዘውርዶ ዘሎ ጭኰናን ግፍዕን ዘይፍትሓዊ ኣገባባትን ጠጠው ከብልን ደሞክራስያዊ ለውጥታትኪገብርን ብምሕታቶም ዝኣክል ን30 ዝኾና (8 ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 22 ድማ ዝሓለፈ ወርሒ) ናይ ሕክምና ትካላት እታ ቤተ ክርስትያን፡ ሾነታት ሕሙማት ኣብ ግምት ብዘየእተወ ኣገባብን ሓይልን፡ ከም ዝዕጸዋ ተገብረ።

ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብ2005 ከም ዝዕጸ ኰይኑ፡ ብኮለጃት ዝበሃል ከኣ ተተክአ። እቲ ትምህርታዊ ትኻል ድማ ልዑል ወተሃደራዊ ከም ዝኸውን ተገብረ። ብ2003፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ ኣካል እቲ ወተሃደራዊ ኣገግሎት ከም ዝኸውን ስለ ዝተገብረ እቶም ተመሃሮ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ዝርከብ ዋርሳይ-ይከኣሎ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ቤት ከም ዝመሃሩ ኰነ። እቲ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ብዘስካክሕ ኣዝዩ ልዑል ወተሃደራውነት ዝዓብለሎ ከም ዝኸውን እዩ ዝተገብረ። እቶም ኣብ ውትህድርና ዝርከቡ መንእሰያት ካብ ሕርሻዊ ይኹን ኢንዱስሪያዊ ስራሕ በኹሮም ይርከቡ። ዳርጋ 75% ናይ'ቲ ህዝቢ ካብ ሕርሻ ዝጥቀም እዩ። ይኹን'ምበር ንዕለታዊ መግቢ ዘድሊ ሃላኺ ነገራት ካብ ወጻኢ ይጥለብ። ምኽንያቱ እቲ ክሰርሕ ዝግብኦ ዝነበረ

50% ናይ'ቲ ተቐማጣይ ኤርትራ ኣብ ውትህድርና ተዓስኪሩ ስለ ዝርከብ ኣብ ሕርሻን ኣብ ካልእን ዝሰርሕ ዓቕሚ ኣዝዩ ስለ ዝጐደል እዩ።

እቲ ግንቦት 1998 ዝተኣወጀ ህጹጽ ኵነታትን እቲ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ደረት ዘይብሉ ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ቀጻሊ ከም ዝኸውን ተገብረ። እቲ ግቡእ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ነንስቲ ክሳብ 57 ንሰብኡት ክሳብ ከኣ ክሳዕ 67 ዝዕድመኣቶም ኣዩ። ብኸም'ዚ ድማ እቶም ሃገር ኪከላኸሉ ተባሂሎም ዝተዓስከሩ፡ ኣብ ግዱድ ስራሕ ክጽመዱን ባራዩ ኣገልገልቲ ናይ ምምሕዳር ትካላት ህንጻን፡ መንግስታዊ ትካላት ማዕድናትን፡ ኰይናቶም ብ400 ናቕፋ ማለት ብ 8 ኤውሮ ውርሓዊ ደሞዝ ኪሰርሑ ይርከቡ ኣለዉ። ደቀንስትዮ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከራት፡ ከቢድን ዘጨንቕን ኹነት ይጓንፈን። ንመርከኢ ጾታዊ ርክብ ሓለፍቲ ጥራሕ ዘይኰነስ ንካልእ በብዓይነቱ ጾታዊ ሓደጋታት'ውን ተሳጢሐን ይርከባ።

ኣብ ኤርትራ፡ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ክፍጽም ንዘይደሊ ሰብ ዝከላኸል ቅዋም ዘውሕሶ መሰል የለን። ኣብ ዕስክርና ንዘይስለፍ ኵሉ ቤት ማእሰርቲ እዩ ዝጽበዮ። ንኵሎም እቶም ክስለፉ ዘይደልዩን ዝኾብለሉን ክሳዕ ዘስካሕክሕ ስቅያት ዝመልኦ ኣተሓሕዛን ኣብ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ምድጓንን ይጓነፍ ምዃኑ ይንገር። እሱራት ደቀንስትዮ ኵልሳዕ ዓመጽን ጾታዊ ድፍረትን የጓንፈን። ካብ ውትህድርና ብዘይ ፍቓድ ጠንጢኖም ዝኸዱን ብጭካኔ ዝመልኦ ኣገባን ይተሓዙ፡ ከምኡ'ውን ንቤተሰቦም። ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብዛዕባ እሱር ዝሓቱን ሓበሬታ ዝህቡን ብኣባላት መንግስቲ ቁጽጽር ይካየደሎምን ሳዕቤናት ይኸተሎምን (ኣምነስቲ ኢንተርናቲዮናል 2010)

ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ኣብያት ማእሰርቲ ዝካየድ መሳቐዪ ኣገባባት፡ እሱር ክልተ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ምስ ሕቖኡ ተመቒሑ፡ ገጹ ንታሕት ከም ዝርኢ ይግበር። መዓልቲ ምሉእ ጥርሑ ወይ'ውን ንስሙ ንእሽቶይ ጨርቂ ለቢሱ ኣብ ቀትሪ ብርቱዕ ጸሓይን ናይ ለይቲ ቁርን ከም ዘሕልፍ ይገብርዎ።

ኤርትራ፡ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ዝኾነ ይኹን ወላ'ውን ጀርመናዊ ዜግነት ይሃልዎን ብትወሳኺ'ውን ካብ ስድርኡ፡ ከምኡ ድማ ካብ ስደተኛታት ከይተረፈ፡ ካብ ዝህልዎም እቶት 2% ክኸፍሉ ትግድድ። እንተዘይከፈሉ ምሕዳስ መንነትን ካልእ ዘድሊ ነገራትን ከም ዘይግበረሎም ይኸውን።

ንብዙሓት ኤርትራውያን ብሕልፊ መንእሰያት ከኣ ዝያዳ፡ እታ ሓንቲ ተሪፋቶም ዘላ ዕድል ንስደት ምኻድ ጥራሕ እያ። ስለ'ዚ ድማ ድሮ ንኢትዮጵያ ከንያ ኡጋንዳን ሱዳንን ተሰዲዶም ይርከቡ። ብዓሰርተ ሽሓት ዝቚጸሩ ነዊሕ ምንስፉፍ ብዘይበቕዓ መራኽብ፡ ማእከላይ ባሕሪ ሰጊሮም ናብ'ቲ ውሕስና ዝረኽቡሉ ኤውሮጳ ክኣትዉ ይርከቡ። ኣብ ጉዕዞኦም ድማ ኣብ ማእከለይ ባሕሪ ጥሒሎም ዝጠፍኡ ውሑዳት ኣይኰኑን። እቲ „ተኲስካ ቅተል“ ዝብል ወተሃደራት ትእዛዝ ሓለውቲ ዶባት ኤርትራ ይሃሉ'ምበር ዝሓለፈ ዓመት ሃገር ሓዲጎም ዶብ ዝሰገሩ ብዙሓት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኢዮም።

ኣብ'ዚ ኣብ ሃገር ጀርመን፡ እቲ ናይ ኤርትራ መሓውር ቁጽጽር ጸጥታ፡ ብኣምባሲ ኤርትራ ኣብ በርሊንን ናቱ ቆንስል ኣብ ፍራንክፎርት ኣብ ማይንን ተማእኪሉ ዝካየድ ናይ ምክትታል ሰኪዔት ኣሎ።  ናይ መንግስቲ ጀርመን ናይ ጸጥታ ትካል'ውን እቲ ናይ ኤርትራ ትካል ጸጥታ ብዕቱብ ከም ዝንቀሳቐስን ንስደተኛታት ከም ዝስልን እኹል ኣፍልጦ ኣለዎም፡ እንተኾነ ግን ገለ ስጉምቲ'ኳ ኪወስዱ ኣይርከቡን።

ብዙሓት ስደተኛታት ኣዝማዶምን ስድራቤታቶም ብህይወት ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ርግጸኛታት ኣይኰኑን። ስድራቤታት ናይ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ተቓውምትን ንውትህድርና ነጺጎምን ተቓዊሞምን ዝመጹን፡ ብትካል ጸጥታ ኤርትራ እናተጸውዑ ይእሰሩን ሓበሬታታትን ኣድራሻታትን ኣዝማዶም ኪህቡ የጎስቕልዎምን የጨንቑሎምን። መብዛሕትኡ እውን እቲ እሱር ማዕረ 50 ሽሕ ናቕፋ (3300 $ US) ዝኸውን ኣትሒዙ ብዋሕስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ይልቀቕ።

ሰበ ስልጣን ሃገር ጀርመን፡ ካብ ኣምባሲ ኤርትራ መረጋገጺ እንተዘይ መጺኡ ናይ ምንባር ፍቕድ ይኹን ንምሕዳስ ናይ ስራሕ ፍቓድ ይኣብዩ። እዚ ወረቐ'ዚ ንምርካብ ነቲ ብዲክታቶሪያዊ ጭፍራ

ዝኣከብ ዘይሕጋዊ ቀረጽ ንምኽፋል ከም እንግደድ ምግባር ዝውዕል ኣገባብ ጠጠው ክብልዎ ንሓትት።

ንሕና ኣብ ጐድኒ ቃልሲ ኣህዛብ ሱዳንን የመንን ጠጠው ኢልና ዝስዕብ፦

- ወተሃደራዊ ወራር ስዑዲ ዓረብን ኣሚረይትን ጠጠው ክብልን

- ወተሃደራት ሱዳን ስልጣል ንበርገሳው መንግስቲ ከመሓላልፉን ንጽውዕ።

- እቲ ካብ ኤውሮጳ ሕብረት ጸጸኒሑ ብሓገዝ መልክዕ ዚወሃብ ገንዘብ፡ ንባርነታዊ ስራሕ ንክምዕብልን ብኡቢሉ'ውን ንሰኣዊ መሰላት ዘየኽብር ጭፍራ ስለ ዘደልድልን ጠጠው ክብል ንጽውዕ።

ንፈደራላዊ መንግስቲ ሃገር ጀርመንን ሕብረት ኤውሮጳን፡

- ምእሳር ስድራቤታት ናይ'ቶም ነብሶም ንምድሓን ናይ ጐረባብቲ ሃገራት ዝስደዱ ዘለዉ ቖልዑ ደው ክብል፡ ንኣመሓደርቲ ኤርትራ ጸቕጢ ኪገብሩሎም ንጽውዕ

- መሰረት ዘይብሉ ምእሳር ብዙሓት ፖለቲካውያንን ሃይማኖታውያንን ነበርቲ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ብዘይፍርዲ ምእሳሮም ኪኾንኑን ንምፍታሖም ጸቕጥታት ካካይዱን ንጽውዕ

- ጸረ ኵሉ ዓይነት ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝከኣሎም ጸቕቲ ከዘውትሩ ንጽውዕ

- ንኹላቶም ኤርትራውያን ስደተኛታት ፖለቲካዊ ዑቕባ ኪወሃቦም ንሓትት

ኣብ ኤርትራ ብኢደዋኒኑ ስልጣ ተወጢሑ ዝርከብ ጭፍራ ዲክታቶር ህግደፍ ወሪዱ ስልጣን ንበርገሳዊ ሕብረተሰብ ከረክብ ንሓትት

ንሓደ ስላማውን ደምክራሲያውን ማሕበራዊ ማዕርነትን ዘለዋ ኤርትራ ንቃለስ

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ጨንፈር ካርልሩሀ

ካርልስሩሀ 20.07.2019


Sieg zu
Eritreische
Völker
Wir wollen vom
Gesetz regiert
werden, nicht
von Personen


Herrenstr.
Genug mit
National
Service &
Sklaverei
Dictator
Isayas
must go


SALE